# I. ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብ 2022: ዓለም-ለኻዊ ሓፈሻዊ መግለፂ

## ናይ 2022 መረዳእታ ሓፈሻዊ መግለፂ

### ዝተሰነዱ ዕፅዋ ኢንተርኔት ብዓመተ ምህረት*




*ኣብ ላዕሊ ዝረአዩ ቁፅሪታት እዚ ሪፖርት ኣብ ዝተሰናደአሉ ግዜ ብዝተረኸበ እዋናዊ ሓበሬታ እንትኸውን ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተመሓየሹ ሓበሬታታት እዉን ዘጠቓለለ እዩ.

### ቁፅሪ ዕፅዋ ኢንተርኔት ዝተርኣየሎም ሃገራት

| 2016 | 2017 | 2018 | 2019 | 2020 | 2021 | 2022 |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 25 | 19 | 26 | 33 | 29 | 34 | 35 |



**ህንዲ:** 84
**ዩክሬን:** 22**
**ኢራን:** 18
**ማይንማር:** 7
**ባንግላዲሽ:** 6
**ጆርዳን:** 4
**ሊብያ:** 4
**ሱዳን:** 4
**ተርክሚኒስታን:** 4

**ኣፍጋኒስታን:** 2 **ቡርኪና ፋሶ:** 2 **ኩባ:** 2
**ካዛኪስታን:** 2 **ሩስያ:** 2 **ሴራ ሊዮን:** 2 **ታጂኪስታን:** 2
**ኡዝቤኪስታን:** 2

**ኣልጀርያ:** 1 **ኣርሜንያ:** 1 **ኣዘርባጃን:** 1 **ብራዚል:** 1
**ቻይና:** 1 **ኢትዮጵያ:** 1 **ኢራቅ:** 1 **ናይጀርያ:** 1
**ኦማን:** 1 **ፓኪስታን:** 1 **ሶማሊላንድ:** 1
**ስሪ ላንካ:** 1 **ሶርያ:** 1 **ቱኒዝያ:** 1 **ቱርኪ:** 1 **ኡጋንዳ:** 1
**የመን:** 1** **ዚምባብዌ:** 1

**ኣብ ዩክሬንን የመንን ኢንተርኔት ዝተዓፀወ ኣብ እዋን ኲናት ብናይ ደገ ሓይሊታት እዩ

# ኣብ 2022 ንዕፀዋ ኢንተርኔት ምኽንያት ዝኾኑ

**ተቓውሞ** ኣብ እዋን ተቓውሞ ኣብ 16 ሃገራት 62 ግዘ ዕፀዋ ኢንተርኔት

**ውዕውዕ ጎንፂ** ኣብ እዋን ውዕውዕ ጎንፂ 33 ግዘ ዕፀዋ ኢንተርኔት

**ፈተና ፈተና** "ምጭብርባር ፈተና ንምክልኻል" ኣብ 6 ሃገራት 8 ግዘ ዕፀዋ ኢንተርኔት

**መረፃ** መረፃ ኣብ ዘካየዱ 5 ሃገራት 5 ግዘ ዕፀዋ ኢንተርኔት

# ኣንፈተ ዕፀዋ ኢንተርኔት ኣብ 2022

## 1. ከቢድ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን*** ምክልኻል ምልዕዓል ናዕቢ ብዕፀዋ ኢንተርኔትን

→ ምስ ዝተሰነደ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝተጋጠመ **48** ግዘ ዕፀዋ ኢንተርኔት ኣብ **14** ሃገራት:

→ ባንግላዲሽ፤ ኢትዮጵያ፤ ኢራን፤ ጆርዳን፤ ካዛኪስታን፤ ማይንማር፤ ሩስያ፤ ሴራ ሊዮን፤ ሶማሊላንድ፤ ሱዳን፤ ታጂኪስታን፤ ኡዝቤኪስታንን ውዕውዕ ጎንፂ ዘለዎም ዞባታት ዩክሬንን የመንን

***ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ማለት መረዳእታታት ዓመፅ፤ ምቕታል፤ ሰቓያት፤ ፆታቂ ዓመፅ፤ ወይ ከኣ ግልፂ ገበን ኩናት ብመንግስቲ፤ ሰራዊት፤ ፖሊስን ሓይሊታት ፀጥታን ዘጠቓለለ እዩ።

## 2. ተደጋጋሚ ጥቕዓትን ዝተናወሐ ዕፀዋ ኢንተርኔትን ብምፍፃም ዝተፈለጡ ሃገራት

→ **ልዕሊ 787 መዓልቲታት**

ክሳብ መወዳእታ 2022፤ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ህዝቢ ትግራይ ንልዕሊ **2** ዓመት ኣብ ምሉእ ዕፀዋ መራኸቢ ነይሩ ብዙሓት ድማ ካብ ዓለም ተፈልዮም ይርከቡ።

→ ኢንተርኔት ካብ ዝዓፀዉ **35** ሃገራት እቶም **33** ካብ 2016 ጀሚሩ ተደጋጋሚ ጥሕሰት ዝፈፀሙ እዮም

→ **ልዕሊ 500 መዓልቲታት**

ኣብ ብዙሕ ክልላት ማይንማር ዝርከቡ ህዝቢታት ክሳብ መጋቢት **2022** ንልዕሊ **500** መዓልቲታት ኣብ ፀልማት ፀኒሖም።

→ ካብ 2022 ክሳብ 2023 ዝፀንሑ **16** ዕፀዋ ኢንተርኔት እንትኾኑ ካብ 2021 ክሳብ 2022 ድማ **16** ኣለዉ ብተነፃፃሪ ካብ 2020 ክሳብ 2021 **8** ዕፀዋ ኢንተርኔት ነይሩ

## 3. ዒላማ ዝገበሩ ዕፀዋታት ኢንተርኔትን ዘብፅሕዎ ማእለያ ዘይብሉ ማህሰይቲን

→ ብ2022 ኣብ **23** ሃገራት **28** ኣገልግሎት ዒላማ ዝገበረ ዕፀዋ ኢንተርኔት ነይሩ።

ኣፍጋኒስታን፤ ኣልጀርያ፤ ኣርሜንያ፤ ኣዘርባጃን፤ ባንግላዲሽ፤ ብራዚል፤ ቡርኪና ፋሶ፤ ቻይና፤ ህንዲ፤ ኢራን፤ ጆርዳን፤ ካዛኪስታን፤ ናይጀርያ፤ ኦማን፤ ሩስያ፤ ሴራ ሊዮን፤ ቱኒዝያ፤ ቱርኪ፤ ተርክሚኒስታን፤, ኡጋንዳ፤ ዩክሬን (ብሰራዊት ሩስያ ዝተገበረ), ኡዝቤኪስታንን ዚምባብዌን

→ ፅዑቕ ሜላታት ዕፀዋ ኢንተርኔት + ሳንሱር + ፅኑዕ ክትትል፦

**ኢራን፦** ሃገራዊ ክልከላ ማሕበራዊ ሚድያ + ኣዋጅ ሕላፊ ሰዓት ዓይነት ዕፀዋ ክልላዊ ሞባይል ኢንተርኔት

**ማይንማር፦** ምቑርራፅ ሞባይል ኔትዎርክ፤ መእተዊ ቪፒኤን (VPN)፤ ሚስጢራዊ መልእኽታት + ህዝቢ ናብ ፅዑቕ ክትትልን ወታድራዊ ምሕደራን ዝግበረሉ ኔትዎረክ ንክጥቀሙ ምግዳድ

**ዩክሬን፦** ቅንፀላ ኔትዎርክታት ዩክሬን + ኣብ ትሕቲ ሩስያ ዝርከባ ግዝኣታት ንዘለዉ ዩክሬናውያን ናብ ፅዑቕ ክትትልን ሳንሱርን ዝግበረሉም ናይ ሩስያ ኔትዎርክታት ንክጥቀሙ ናይ ምግዳድ ፈተነታት

## ኣፍርካ
## ናይ 2022 ቀጠናዊ ሓፈሻዊ መግለፂ

**19** ዕፅዋ ኢንተርኔት
**12** ሃገራት
2021

**9** ዕፅዋ ኢንተርኔት
**7** ሃገራት
2022

**ኢትዮጵያ: 1**
ኣብ ትግራይ ቀፂሉ ዘሎ ዕፅዋ ኢንተርኔት ክሳብ መወዳእታ 2022 787 መዓልቲታት ኣቑፂሩ

**ኡጋንዳ: 1**
ቀፂሉ ዘሎ ዕፅዋ ፌስቡክ ክሳብ መወዳእታ 2022 719 መዓልቲታት ኣቑፂሩ

**ቡርኪና ፋሶ: 2 ሴራ ሊዮን: 2 ናይጀርያ: 1**
**ሶማሊላንድ:1 ዚምባብዌ: 1**

**44.5% ምስ ተቓውሞ ዝተኣሳሰሩ ዕፅዋ ኢንተርኔት**
ሴራ ሊዮን: 2 ሶማሊላንድ: 1 ዚምባብዌ: 1

**33.3% ማሕበራዊ ሚድያ ዒላማ ዝገበሩ ዕፅዋ ኢንተርኔት**
ቡርኪና ፋሶ: 1 ናይጀርያ: 1 ኡጋንዳ: 1

ዋላ እኳ ኣብ 2022 ዝተመዝገበ ዓመታዊ በዝሒ ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብቲ ኣህጉር ክትትል ምግባር ካብ ንጀምር ካብ 2016 እቲ ዝተሓተ እንተኾነ ሐዚ እውን ኣፍሪካ ካብ ዓለም እቲ ዝነወሐ ዕፅዋ ኢንተርኔት ትግራይ ኢትዮጵያ ዝርከበላ እያ። ኣብቲ ኣህጉር ካብ ዝተፈፀሙ ትሽዓተ ዕፅዋ ኢንተርኔት ብውሕድ እቶም ኣርባዕተ ምስ ዝተፀብፀቡ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ማለት እውን ኣብ እዋን ተቓውሞን ውዕውዕ ጎንፂታትን ዝተወሰዱ ስጉምቲታት ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ ኣፍሪካ ካብቶም ንዕፅዋ ኢንተርኔት ብዋናነት መረፃ ምኽንያት እኳ እንተኾነ ኣብ 2022 ውሕድ መረፃ ብምንባሩ ክሳብ ሐዚ ዝመዝገብናዮ ሓደ ዕፅዋ ኢንተርኔት ጥራሕ ይርከብ፤ ንሱ እውን ካብ 2021 ጀሚሩ ኣብ ኡጋንዳ ዘሎ ማሕበራዊ ሚድያ ዒላማ ዝገበረ ዕፅዋ ይርከብ።[1] ኣብ 2023 ብዙሓት መረፃታት ብምህላዎም ምክንያት፤ ጥምረት ኣክሰስ ናው (Access Now)ን #ኪፕኢትኦን (#KeepItOn) እቲ ኩነታት ብጥምረት ብዕቱብ ክከታተልዎ እዮም።[2]

## ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብ እዋን ተቓውሞን ዕግርግርን

መንግስታት ቡርኪና ፋሶ፤ ሴራ ሊዮን፤ ሶማሊላንድን ዚምባብዌን ንተቓውሞን ዓበይቲ ፍፃመታት ፖለቲካን ኢንተርኔት ብምዕፃው ግብረ መልሲ ሂቦም።

መንግስቲ ቡርኪና ፋሶ ኣብ ሕዳር 2021 ናብ ዝርዝር መሕፈርቲ ኢንተርኔት ዓፀውቲ ሃገራት ድሕሪ ምፅምባሩ፤ ኣብ መፈለምታ ሓዱሽ ዓመት ኣንፃር መንግስቲ ንዝገጠሞ

1 ሞኒተር(Monitor) (2022)፡ ኣብ መንጎ መንግስቲን ገዚፍ ትካል ቴክኖሎጂን ምርድዳእ ብዘይምህላዉ ዕፅዋ ፌስቡክ ይቕፅል። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.monitor.co.ug/uganda/news/national/facebook-to-remain-shut-as-govt-talks-with-tech-giant-stall-3912172/. ተረኺቡ

2 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ክትትል መረፃን ዕፅዋ ኢንተርኔት 2023። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/2023-elections-and-internet-shutdowns-watch/. ተረኺቡ

ተቓውሞ ብጥሪ 10 ብዘይ ምንም ዝርዝር መብራህርሂ ኣብ ሙሉእ ሃገር ናይ ሰልኪ ኢንተርኔት ዓፅዩ።[3] ዋላ እኳ ሰበ-ሰልጣናት ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ናብ ዝነበሮ እንተመለሰዎ "ብሔራዊ ደሕንነት" ብዝብል ምኽንያት ፌስቡክ ብምዕፃው ቀፂሎም።[4] ድሕሪ ሒደት ሰሙናት ኣብ ጥሪ 23 ብዝተፀብፀበ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ኣብ ሙሉእ ሃገር ሞባይል ኢንተርኔት ዓፅይዎ[5] ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ድማ ተከፊቱ።[6]

ብምኽንያት ክባር ናብራ (ዝቕባበ) ኣንፃር መንግስቲ ሴራ ሊዮን ዝተጎሃሃረ ተቓውሞ ንምጭፍላቕ ሰበ-ሰልጣናት እታ ሃገር ኢንተርኔት ዓፅዮም።[7] ንመወዳእታ ግዘ መንግስቲ ሴራ ሊዮን ኢንተርኔት ዝዓፀዩ ኣብ እዋን መረፃ ብ 2018 ነይሩ.[8]

ብተመሳሳሊ ኣብ ነሓሰ 2022 ብምኽንያት ምንዋሕ ፕረዚደንታዊ መረፃ ዝተልዓለ ተቓውሞ ሰበ-ሰልጣናት ሶማሊላንድ (ኣብ ውሽጢ ዓለም-ለኸ ኣፍልጦ ዘለዎ ግዝኣት ሃገረ ሶማልያ ባዕላ ሃገርነታ ዝኣወጀት) ኢንተርኔት ዓፅዮም።[9] እቲ ኣብ ክልል ዋቕዪ ጋላቢድን፣ ደቡባዊን ማእኸላይን ሶማልያ ዝፀለወ ዕፅዋ ኢንተርኔት ን10 ሰዓታት ፀኒሑ።[10] ኣብ 2017 ብምኽንያት መረፃ ሰበ-ሰልጣናት ሶማሊላንድ ማሕበራዊ ሚድያ ዓፅዮም።[11]

ኣብ መወዳእታ "ቢጫ ሰንበት" ብዝብል ቴማ ተቓዋሚ ውድብ ጥምርት ዜጋታት ንለውጢ (CCC) ዘዳለውዎ ስልፊ ንምትእጉኻል ሰበ-ሰልጣናት ዚምባብዌ ግልጋሎት ኢንተርኔት ንሓፂር እዋን ኣቋሪፆም። ኣብቲ ሰልፊ ዝተኣከቡ ደገፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ ንምጥቃም ከም ዝተሸገሩ ክገልፁ ጀሚሮም።[12] ቅድሚ ሐዚ እውን ዚምባብዌ ተቓውሞ ንምጭፍላቕ ኢንተርኔት ዓፅያ ነይራ እያ።[13]

## ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብ እዋን መረፃ

መረፃ (ሓሓሊፉ ምስ ተቓውሞን ዕግርግርን ዝተሓሓዝ) ኣብ ኣፍሪካ ንነዊሕ እዋን ዋና ምኽንያት ዕፅዋ ኢንተርኔት ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ከም ዝገለፅናዮ ኣብ 2022 ብምኽንያት መረፃ ዝግበረ ዕፅዋ ኢንተርኔት ትሑት ዝኾነሉ
(ኣብ ኡጋንዳ ካብ 2021 ዝጀመረ ሐዚ እውን ዝቐፀለ ሓደ ዕፅዋ ኢንተርኔት) ብተነፃፃሪ ውሑድ መረፃ ስለዝነበረ እዩ፡ ፡ ሲቪክ ማሕበራት ብዝገብርዎ ዕቱብ ምክልኻል ዕፅዋ እውን ሰበ-ሰልጣናት ንክቑጠቡ ገይርዎም ክኸውን ይኽእል እዩ።
ናይ ጋምቢያ መረፃ ክትትል ክነገብረሉ ካብ ዝሓረናዮ ነይሩ[14] እታ ሃገር ብ2016 ኣብ እዋን መረፃ ተወከልቲ ህዝቢ ዕፅዋ ኢንተርኔት ፈፂማ ዋላ እኳ እንተነበረት[15] ኣብ ሚያዝያ 2022 ግን ሙሉእ እዋን መረፃ ኢንተርኔት ኣይዓፀወትን።

ኬንያ ብካሊእ ወገን ድማ ኣብ ነሓሰ 2022 እዋን ሓፈሻዊ መረፃ ንመደብ #ኪፕኢትኦን (#KeepItOn) ብምኽባርን ብምትግባርን መራሒትን መርኣያን ጎራብቲ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ብምኳን ኣመሰኪራ። ኡጋንዳ ቅድሚ ሓፈሻዊ መረፃ

3 ኣብ ፌስቡክ Desobeissance Civile ብጥሪ 10, 2022። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.facebook.com/Desobeissancecivileburkina/posts/4817989371573475/. ተረኺቡ

4 ኤጀንሲ ኣናድሉ(Anadolu Agency) (2022)፡ ቡርኪና ፋሶ ድሕሪ ኢንተርኔት ምዕፃው ፌስቡክ ኣጊዱ።ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.aa.com.tr/en/africa/burkina-faso-restricts-facebook-after-internet-outages/2480343/. ተረኺቡ

5 ፋሶ7 (Faso7) (2022)፡ ቡርኪና ፋሶ፡- ብምትእሰሳር ፈተነ ዋዕላ ሞባይል ኢንተርኔት ተዓፅዩ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://faso7.com/2022/01/23/burkina-faso-la-connexion-internet-mobile-a-nouveau-coupee/. ተረኺቡ

6 ኣክሰስ ናው (Access Now) (2022)፡ ቡርኪና ፋሶ ዕፅዋ ኢንተርኔት ብቕልጡፍ ብዘይ ምንዋሕ ትኽፈት። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/burkina-faso-internet-shutdown/. ተረኺቡ

7 Access Now (2022)፡ #KeepItOn ኣብ ሴራ ሊዮን፡- መንግስቲ ፖለቲካዊ ቅፅዐር ንምግባር ዕፅዋ ኢንተርኔት ምጥቃም የቁም። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.africafex.org/digital-rights/sierra-leone-joins-global-trend-shuts-down-internet-and-mobile-services-during-elections__trashed/. ተረኺቡ

8 African Freedom of Expression Exchange (2018)፡ ሴራ ሊዮን፡- ኣባል ዓለም-ለኻዊ ዓፀውቲ ኢንተርኔትን ግልጋሎት ሞባይልን ኣብ እዋን መረፃ ኮይና። ለካቲት 17፣ 2023 ካብ https://www.accessnow.org/keepiton-in-sierra-leone/. ተረኺቡ

9 Access Now (2022)፡ #KeepItOn ኣብ ሶማሊላንድ፡- ሰበ-ሰልጣናት ህዝባዊ ተቓውሞን ርክብ ሓበሬታን ክጭፍልቑ ኣይኽእሉን። ለካቲት 22፣ 2023 ካብ https://www.accessnow.org/keepiton-in-somaliland/. ተረኺቡ

10 *Ibid.*

11 ኣፍሪካ ኒውስ(Africa News) (2017)፡ ሶማሊላንድ ኣብ እዋን መረፃ ሕበራዊ ሚድያ ክትዓፅው። ለካቲት 17፣ 2023 ካብ https://www.africanews.com/2017/11/11/somaliland-to-shut-down-social-networks-during-election-period/. ተረኺቡ

12 ዚምባብዌ ኢንዲፐንደንት(Zimbabwe Independent) (2022)፡ መርበብ ሓበሬታ ሓዱሽ ናይ ዚምባብዌ ፖለቲካዊ ዓውደ ኲናት።ለካቲት 17 2023 ካብ https://www.newsday.co.zw/theindependent/amp/slider/article/4091/cyberspace-the-new-zim-political-battlefield/. ተረኺቡ

13 ኣል ጀዚራ(Al Jazeera) (2019)፡ ብሰንኪ ኣብ ተቓወምቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዝምባብዌ ኢንተርኔት ዓፀያ። ለካቲት 17፣ 2023 ካብ https://www.aljazeera.com/news/2019/1/18/zimbabwe-imposes-internet-shutdown-amid-crackdown-on-protests/. ተረኺቡ

14 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ #ኪፕኢትኦን(#KeepItOn)፡ መረፃ 2022ን ክትትል ዕፅዋ ኢንተርኔትን። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/elections-internet-shutdowns-watch-2022/. ተረኺቡ

15 ኣፍሪካ ኒውስ(Africa News) (2016)፡ ናይ ጋምቢያ ጃማህ ኣብ እዋን መረፃ ኢንተርኔት ንከዐሪ ዝተገበረሉ ፃውዒት ነፂጉ። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.africanews.com/2016/12/01/gambia-s-jammeh-slams-request-to-stabilize-internet-on-election-day/. ተረኺቡ

ጥሪ 2021 ፌስቡክ ኣጊዳ ክሳብ ሐዚ ድማ ብዕፁው ይርከብ።[16]

መንግስቲ ኬንያ ታሪኽ ዕፅዋ ኢንተርኔት የብሉን፤ እንተኾነ ግን ብዝነበረ ፖለቲካዊ ወጥሪን ኣብ ኢንተርኔት ዝፍኖ ብዝነበረ ፅዑቕ ጌጋ ሓበሬታታትን ምኽንያት ክትትል ክንገብረላ ሓረናያ። ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብ መረፃ ንምክልኻል፤ ኣክሰስ ናውን(Access Now) መጣምርቲ መሓዙትን ንጋዜጠኛታት፤ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ተዓዘብቲ መረፃን ሰልጠናታት ብምውሃብን ንመንግስቲ ኬንያን ፈፀምቲ ሰራሕ ቴሌኮምን ኣብ ሙሉእ ከይዲ መረፃ ንከይዓፅውዎ ተከታታሊ ፅዕንቶ ንምግባር ተኻኢሉ እዩ።[17]

ቅድሚ መረፃ ኬንያ ኣብቲ እዋን ሚኒስተር ውሽጣዊ ካቢኔ ዝነበሩ ፍሬድ ማትያንጊ መንግስቲ ኢንተርኔት ናይ ምዕፃው ዋላ ሓንቲ ድልየት ከም ዘይብሉ ሓቢሩ ነይሩ። [18] ይኹን እምበር ዝንዛሕ ዘሎ ጌጋ ሓበሬታን ናይ ፅልኢት ዘረባን መንግስቲ ብዕቱብ ከም ዝከታተሎ ገሊፁ ነይሩ።[19] ብግሎባል ዊትነስ ዝተብሃለ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ድርጅት ብፅንዓት ከም ዘረጋገፆ ሜታ ፌስቡክ ናይ ፅልኢት ዘረባታት ንክጋዋሕ ከም ዝፈቐደ ኣቃሊዑ።[20] ኮሚሽን ብሄራዊ ጥምረትን ውህደትን (NCIC) ንማሕበራዊ ሚድያ ሜታ ናይ ፅልኢት ዘረባ ንከይጋዋሕ መአረምታ ንክወስድ ተዘይኮይኑ ግን ኣብ ኬንያ ከምዝእገዶ መጠንቀቕታ ሂቡ። እቲ ኤጀንሲ መአረምታ ንክወስድ ሸውዓተ መዓልቲ ተዋሂቡዎ።[21] ብርክት ዝበሉ ትካላት ሰቪክ ማሕበራትን ሰበ-ሰልጣን መንግስቲን ነቲ ዝተውሃበ መጠንቀቕታ ኣብ እዋን መረፃ ብነፃ ናይ ምዝራብ መሰል ይዳፋእ እዩ ብምባል ኮኒኖሞ። ኣብ መወዳእታ ድማ መንግስቲ ኢንተርኔት ይኹን ማሕበራዊ ሚድያ ከምዘይዓፁ ኣረጋጊፁ።[22]

መረፃ ንዕፅዋ ኢንተርኔት ሰግኣት ብምኧኑ ኣብ ኣፍሪካ ዝግበር መረፃ ናይ 11 ሃገራት ኩለን ቅድሚ ሐዚ ዕፅዋ ኢንተርኔት ገይረን ስልዝነበራ ኣክሰስ ናው(Access Now)ን #ኪፕኢትኢንን (#KeepItOn) ብጥምረት ክከታተሉ እዮም።[23] **ኣብ ኣፍሪካ ዕድል ሓዱሽ ምዕራፍ ዲሞክራሲ ንክዕምብብ መደብ #ኪፕኢትኦን ኣብ እዋን መረፃ ንክፍፅማ ምግባር ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።**

## ነዊሕ እዋን ዕፅዋ ማሕበራዊ ሚድያ

ብ2021 መንግስቲታት ናይጀርያን[24] ኡጋንዳን[25] ኣብ ልዕሊ ፅሑፋት ሰበ-ሰልጣናት መንግስቲን ሰዓብቶምን ዘወገዱ ማሕበራዊ ሚድያታት ሕነ ንምፍዳይ ሰጉምቲ ወሲዶም። ውዕሊ ኣሰራርሓ እቶም ማሕበራዊ ሚድያታት ዝጠሓሱ ፅሑፋት ብምውጋዶም ምኽንያት ሰበ-ሰልጣናት መንግስቲ ነቶም ማሕበራዊ ሚድያታት ሙሉእ ብምሉእ ኣጊዶሞም።

መንግስቲ ናይጀርያ ንትዊተር ንምሉእ ሸውዓተ ወርሒ ኣጊዱ፤ ፅዕፁዕ ህዝባዊ ጥርዓን ድማ ኣሰዒቡ።.[26] ድሕሪ ሰፊሕ ምይይጥ ሰበ-ሰልጣናትን ትካል ትዊተርን ኣብ ጥሪ 2022 ሰበ-ሰልጣናት ነቲ ዕፅዋ ኣልዒሎሞ።[27] ጉጅለ ሲቪክ ማሕበራት ኣንፃር ዕፅዋ ተዊተርን ናብ ኣብ ትሕቲ ማሕበረሰባዊ ኢኮኖሚ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪካ

16 ዘ ኒው ዮርክ ታይምስ(The New York Times) (2021)፡ ኡጋንዳ ቅድሚ እቲ ኣካራኻሪ መረፃ ንፌስቡክ ዓፅያ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.nytimes.com/2021/01/13/world/africa/uganda-facebook-ban-elections.html/. ተረኺቡ

17 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022) ቆላሕታ ኣብ ኬንያ፡- መንግስቲ ኣብ መረፃ ኢንተርኔት ንከይዓፂ ቃሉ ክፍፅም ኣለዎ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/kenya-government-internet-connectivity-elections/; ተረኺቡ ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022) መጠንቀቕታ፡- ኣብ ኬንያ ማሕበራዊ ሚድያ እንተተዓፅዩ ጌጋ ሓበሬታታት ክጋዋሕ እዩ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/kenya-online-platforms-social-media-blocking-internet-shutdown-election/. ተረኺቡ

18 ዘ ሰታር(The Star) (2022) ኣብ እዋን መረፃ ኢንተርኔት ኣይንዓፅን-ማትያንጊ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.the-star.co.ke/news/2022-06-09-we-wont-shut-down-internet-during-elections-matiangi/. ተረኺቡ

19 ዘ ፒፕል ደይሊ(The People Daily) (2021)፡ ማትያንጊ፡- መንግስቲ ኢንተርኔት ኣይዓፅን ግን ክትትል ክንገብረልኩም ኢና። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.pd.co.ke/news/matiangi-state-wont-switch-off-internet-but-were-watching-you-83867/. ተረኺቡ

20 ግሎባል ዊትነስ(Global Witness) (2022)፡ ፌስቡክ ንመረፃ ኬንያ ወጥሪ ዝፈጠሩ ዓሌታዊ ዓመፅ ዘለዓዕሉ ፅሑፋት ንክጋውሑ ፈቒዱ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.globalwitness.org/en/press-releases/facebook-approves-ads-calling-ethnic-violence-lead-tense-kenyan-election/. ተረኺቡ

21 ዘ ኢስት ኣፍሪካን(The East African) (2022)፡ ኬንያ ብምኽንያት ዘረባ ፅልኢት ፌስቡክ ከምትዓፂ ኣጠንቂቓ።.ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.theeastafrican.co.ke/tea/news/east-africa/kenya-threatens-ban-on-facebook-over-hate-speech-3896380/. ተረኺቡ

22 ጆ ሙቼሩ EGH (@mucheru). መልእኽቲ ትዊተር 1:48 AM. ሓምለ 30, 2022፡.ለካቲት 22, 2023 ካብ https://twitter.com/mucheru/status/1553271302005334016/. ተረኺቡ

23 *ኣብ ላዕሊ ዘሎ መዘኻኸሪ ቁፅሪ 2 ተመልከት*

24 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ኣብ ናይጀርያ ዝተፈፀመ ዕፅዋ ትዊተር ቅሉዕ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት እዩ። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/nigeria-blocks-twitter-keepiton/. ተረኺቡ

25 ዘ ኒው ዮርክ ታይምስ(The New York Times) (2021)፡ ኡጋንዳ ቅድሚ እቲ ኣካራኻሪ መረፃ ንፌስቡክ ዓፅያ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.nytimes.com/2021/01/13/world/africa/uganda-facebook-ban-elections.html/. ተረኺቡ

26 ዘ ኒው ዮርክ ታይምስ(The New York Times) (2022)፡ ናይጀርያ 7-ወርሒ ዝፀንሐ ዕፅዋ ትዊተር ኣልዒላ። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.nytimes.com/2022/01/13/world/africa/nigeria-lifts-twitter-ban.html/. ተረኺቡ

27 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ኣብ ናይጀርያ ዝተፈፀመ ዕፅዋ ትዊተር ቅሉዕ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት እዩ። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/nigeria-blocks-twitter-keepiton/. ተረኺቡ

(ECOWAS) ዝርከብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ማሕበረሰብ ከሲሶም ብ2022 ድማ እቲ ዕፀዋ ዘየሕጋዊ ምንባሩ ረቲዖም::[28]

ብካሊእ ወገን መንግሰቲ ኡጋንዳ ግን ነቲ ዕፀዋ ፌስቡክ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ቀፂሉ ይርከብ፤ ከሳብ ሐዚ ለካቲት 2023 ኡጋንዳውያን ብቪፒኤናት (VPNs) ጥራሕ ንክጥቀሙ ተገዲዶም ይርከቡ::[29]

## // ኢትዮጵያ

ኣብ ኢትዮጵያ ትርከብ ክልል ትግራይ ኩናት ካብ ዝተወለዐሉ ህዳር 4, 2020 ጀሚሩ ኩሉ ዓይነት ግልጋሎት ቴሌኮሚኒኬሽን ዕፀው ነይሩ::[30] ብሕዳር 2022 ኣብ ሞንጎ መንግሰቲ ፌደራል ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ብወገን መንግሰቲ ፌደራል መሰረታዊ ግልጋሎታት ህዝቢ ናብ ዝነበርዎ ንክምልሰ ዝገብር ዘተ ውዕሊ ሰላም ክሳለጥ ጀሚሩ::[31] ይኹን እምበር ቴሌኮም ኢትዮጵያ ፅገና መሰረተ-ልምዓት ምስጀመረ ካብ ታሕሳሰ 2022 ጀሚሩ ውሱን ግልጋሎት ኢንተርኔት ጥራሕ ከፊቱ፡ ፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ለካቲት 2023 ብዘሎ ሓበሬታ ብዘይ ግልጋሎት ኢንተርኔት ይርከብ፤ እቲ ግልጋሎት ኢንተርኔት ዝተኸፈተሉ ሕብረተሰብ እውን ብምኽንያት ዝንኡ ፍጥነትን ውሱን ግልጋሎት 2Gን ኣዝዩ ይፅገም ኣሎ::[32]

እቲ ንዓመታት ዝፀንሐ ዕፀዋ ኢንተርኔት ኣብ ትግራይን ዝፀለዎም ጎራብቲ ማሕበረሰባትን ክንደየናይ ሓደገኛን ኣዕናዊን ምኧኑ ብንፁር ኣመልኪቱ እዩ። ካብቲ ሸዱሽተ ሚልዮን ህዝቢ ብቅፅበት ካብ ዓለም ምንፃል ዘሕደር ፀገም ብተወሳኺ እቲ ቀፂሉ ዘሎ ዕፀዋ መራኸቢ ኣብ ህልውና ተጋሩ ኩለመዳያዊ ሓደጋ ኣብፂሑ እዩ::[33] ኣብ እዋን ውዕውዕ ኩናት ንዝነውሐን ብዘይ ምንም ምቁርራፅ ዝተገበረን ዕፀዋ ኢንተርኔት ብምኧኑ ድማ ኣብ ናብራ ሰባት ኣዝዩ ኣሰካሕኻሒ ፀገም ኣብፂሑ እዩ::[34]

**ታሪክ ሳዕቤን ዕፀዋ ኢንተርኔት፦ ትግራይ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ እትነብር ንእሰቲ ጓል ትግራይ**

**“ናይ ገሊኦም ስድራይ ክሰርሐለይ ይኽእል እዩ ብዝብል ተሰፋ መዓልቲ መዓልቲ ለይቲ ተላዒለ ናብ ዝተፈላለዩ ሰልኪ ቑፅሪ ስድራይ ክድውል ዝፈተንኩለን መዓልቲታት ይዝክረን። ሃለዋት ስድራኺ ዘይምፍላጥን ብሂወት ምህላዎም ምፍላጥ ዘይምኽኣልን ወዲ ሰብ ክጋጥሞ ካብ ዝኽእል እቲ ዝኸፈአ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሰቪላት ዝግበር ዝነበረ (ፀብፃብ) ደብዳብ ድሮን(ሰብ ኣልባ ጦር ኣውሮፕላን) ብዝሰማዕኹ ቁፅሪ ኣእምሮይ ይሰሕት ነይረ። ብትኩረት ክመሃርን ሰራሕ ክሰርሕን ኣይክእልን ነይረ። ኣሕዋተይ ብሕልመይ ይሪኦም፤ ከዛርቦም ይህንጠው ግን ንልዕሊ 2 ዓመት ክረኽቦም ኣይከኣልኩን። ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ ኢንተርኔት ናብ ዝነበሮ ሰለዘይተመለሰ ሐዚ እውን ዝተወሰኑ ኣባላት ቤተሰበይ ክረኽቦም ኣይከኣልኩን።“**

**ታሪክ ሳዕቤን ዕፀዋ ኢንተርኔት፦ ትግራይ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ እትነብር ንእሰቲ ጓል ትግራይ**

እቲ ዕፀዋ ኢንተርኔት ንተዋጋእቲ ኣካላት ኣሰቃቒ ገበናት ማለት እውን ሰፊሕን እኹል ምድላው ዝተገበረሉን ጨፍጫፍ፤ ዓመፅ ደቂ ኣነሰትዮን ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ንባዕሎም ክከላኸሉ ዘይኽእሉ ወገናትን ንኪብፅሑ ከውሊ ክኾኖም ክኢሉ እዩ::[35] ብተወሳኺ ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ብጥምየት ዝሳቐዩ ዝነበሩ ክፋል ሕብረተሰብ ንከይበፅሕ ገይሩ እዩ። ዋላ ሓደ ብግልጋሎት ጥዕና፤ ባንኪ፤ ሰራሕን ትምህርትን ክተኣማመን ኣይከኣለን።

ሸሕ እኳ መስካሕክሒ ግጭት ሲቪላትን ዕፀዋ ኢንተርኔት ትግራይ እንተሃለወ ተሓለቕቲ መሰላት ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያን ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝበፅሕ ዘሎ ጥሕሰት መሰላት ዓለም ኣቓልቦ ንክህበሉ

28 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ዓወት ቤት ፍርዲ ኢኮዋሰ(ECOWAS)፦ ዕፀዋ ትዊተር ኣብ ናይጀርያ ዘይሕጋዊ ምንባሩ ተቓሊዑ። ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/ecowas-court-nigeria-unlawful-twitter-ban/. ተረኺቡ

29 ሞኒተር(Monitor) (2022)፡ ኣብ መንጎ መንግሰቲን ገዚፍ ትካል ቴክኖሎጂን ምርድዳእ ብዘይምህላዉ ዕፀዋ ፌስቡክ ይቕፀል። ለካቲት 22, 2023 ካብ https://www.monitor.co.ug/uganda/news/national/facebook-to-remain-shut-as-govt-talks-with-tech-giant-stall-3912172/. ተረኺቡ

30 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2023)፡ ድሕሪ ናይ ፀልማት ዓመታት፤ ትግራይ ብቐስታ ናብ ኢንተርኔት ትምለሰ ኣላ፡ ለካቲት 17, 2023 ካብhttps://www.accessnow.org/tigray-shutdown-slowly-coming-back-online/. ተረኺቡ

31 ዜና ውድብ ሐቡራት ዓለም(United Nations News) (2022). ኢትዮጵያ፦ ‘ወሳኒ ቀዳማይ ምዕራፍ’ ውዕሊ ሰላም ኣብ ሞንጎ መንግሰቲን ትግራይን፡ ጉተሬዝ. ለካቲት 17, 2023 ካብ https://news.un.org/en/story/2022/11/1130137/. ተረኺቡ

32 *ኣብ ላዕሊ ዘሎ መዘኻኸሪ ቁፅሪ 30 ተመልከት*

33 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ዝተነፀለ፤ ዝተዓፈነን ኣብ ሰቓይ ዝርከብን፡ 15 ታሪኻት ዕፀዋን ክባን ኢንተርኔት ትግራይ፡ ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.accessnow.org/15-stories-from-tigrays-internet-siege/. ተረኺቡ

34 ትግሃት(Tghat) (2022)፡ ፅልዋ ዕፀዋ ኢንተርኔት ትግራይ፡ ለካቲት 17, 2023 ካብ https://www.tghat.com/2022/02/24/impact-of-the-internet-shutdown-in-tigray/. ተረኺቡ

35 ግሎባል ቮይሰስ(Global Voices) (2021)፡ ክፉእ ጉጅላዊ ዓመፅ ደቂ ኣነሰትዮ መሳርሒ ኩናት ኢትዮጵያ ኣንፃር ትግራይ ኮይኑ፡ ለካቲት 22 2023 ካብ https://globalvoices.org/2021/07/05/vicious-mass-rape-of-women-has-become-a-weapon-against-the-tigray-in-ethiopian-war/. ተረኺቡ

ንምግባር ብትብዓት ዘይዛሪ ፃዕሪ ገይሮም።[36] ኣክሰሰ ናው(Access Now)ን #ኪፕኢትኣፕን (#KeepItOn) ምስ ናይ ውሽጣዊን መሻርኽቲን ኣባላት ዲያስፖራ ኢትዮጵያን ብጥምረት ብምዃን ድምፂ ተጋሩ ንክሰማዕን ኣብ ዕፅዋ ኢንተርኔት ድማ ተሓታታይነት ንክህሉን ሰሪሕና። ካብ ልዕሊ 102 ሃገራት ዝመፁ ልዕሊ 100 ሲቪክ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ብምትሕብባር ውድብ ሕብረት ኣፍሪካ ዕፅዋ ኢንተርኔት ንከብቅዕ ሰጉምቲ ንክወሰድ ድፍኢት ጌርና።[37] ብሕዳር 2022 ኢትዮጵያ ዓመታዊ ፎረም ምሕደራ ኢንተርኔት ክተሰናድእ ከላ ድማ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኩነታት ዓብዪ ናይ ዓለም ኣጀንዳ ንክኸውን ጥምረትና ሰሪሑ እዩ።[38]

** ብዛዕባ ሓበሬታ ናይ ዕፅዋ ኢንተርኔት ኣብ ኣልጀርያ፣ ቱኒዝያ፣ ሊብያን ሱዳንን ንምርካብ ኣብ ናይ ማዕከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍርካን ዝብል ምዕራፍ ተምልከት/ቲ።

36 Tghat (2022)፡ ግልፂ ደብዳበ ንፎረም ምሕደራ ኢንተርኔት፡ ለካቲት 17 2023 ካብ https://www.tghat.com/2022/09/11/open-letter-to-the-internet-governance-forum/.

37 ኣክሰስ ናው(Access Now) (2022)፡ ኣቤቱታ፦ ሕኣ( AU) ኢንተርኔት ትግራይ ንክኽፈት ንምሕጋዝ ቅልጡፍ ስጉሚ ክወሰድ ኣለዎ፡ ለካቲት 22 2023 ካብ https://www.accessnow.org/petition-au-reconnect-tigray/.

38 ፎረም ምሕደራ ኢንተርኔት(Internet Governance Forum) (2022)፡ መበል 17 ኣኼባ ፎረም ምሕደራ ኢንተርኔት፡ ለካቲት 6 2023 ካብ https://mail.intgovforum.org/IGF2022_summaryreport_final.pdf/.

**ሽፋን ድሕሪት**

ወፍሪ #ኪፐኢትኦን (#KeepItOn) ዕፅዋ ኢንተርኔት ንከብቅዕ ዓለም-ለኸ ትካላት ይውድብን የተሓባብርን። እቲ ወፍሪ ብጥምረት ኣስታት 70 ትካላት ኣብ ውሽጢ ሲልከን ቫሊ ዝርከብ ራይትስኮን ብ2016 ተጀሚሩ። በዝሒ ኣባላት እቲ ጥምረት ብቕልጡፍ እናወሰኸ ብምምፅኡ ካብ 105 ሃገራት ዝተውፃእዕኡ ሲቪል ማሕበረ ሰብ፣ ተሓለቕቲ መሰላት፣ ማእከል ፅንዓት ጉጅለ ተሓለቕቲ፣ መርበብ ምልላይ፣ ትካላት ረድኤትን ሚድያን ዝሓቖፈ ልዕሊ 300 ኣባላት በፂሑ።.

በዓል ዋና ሕታም እዚ ሪፖርት ናይ ኣክሰስ ናው (Access Now) ዝኾነ ጥምረት #ኪፐኢትኦን (#KeepItOn) ክከውን ከሎ ብዛክ ሮሶን፣ ፈሊሽያ ኣንቶንዮን ካሮሊን ታኬትን ምስ ጉጅለ ኣክሰስ ናው (Access Now) ብምትሕብባር ተፃሒፉ።

እቶም ፀሓፍቲ ንሴጅ ቼንግ፣ ደና ዌንትዎርዝ፣ ማርዋ ፋታፍታ፣ ራማን ጂት ሲነግ ቺማ፣ ዋዮ ፊዮ ሞይንት፣ ጎልዳ ቤንጃሚን ኣናሰታሲያ ዚይርሞንት፣ ናታሊያ ኪራፒቫ፣ ኤንጀላ ኣላርኮን፣ ብርጀት ኣንድሪ፣ ጂ የኦን ኪም፣ ጀይሚ ኮኮንያ፣ ናምራታ ማሄሽዋሪ፣ ፒተር ሚሴክ፣ ካሴም ሞኔጃ፣ ላውራ ኦብሪን፣ ጋስፓር ፒሳኑ፣ ኤግነሪስ ሳምፔሪ፣ ዴቪ ሲያፕራካሳም፣ ቼትና ኩማር፣ ኣሌክዚያ ሰኮክን ሜገን ካቱርን ብዘበርከትዎ ሓገዝ ፍሉይ ምስጋንኦም የቕርቡ። ን ዳታ4ቼንጅ (Data4Change)፣ ማዕኸል ሕጊ ናፅነት ሶፍትዌር ህንዲ(SFLC.in)፣ ዮዴት(Yodet)፣ ዲጂታሊ ራይት(Digitally Right)፣ ጉጅለ ሚያን(Miaan Group)፣ ክላውድፍሌር(Cloudflare)፣ መለለይን ተንታኒን ዕፅዋ ኢንተርኔት(IODA)፣ ፕሮጀክት ኢንተርኔት ማይንማር፣ ኣታን ኬንቲክ፣ ቅሉዕ ትዕዝብቲ ምዕንቃፍ ኔትዎርክን(OONI) ካልኦት ኣባላት ጥምረት #ኪፐኢትኦን(#KeepItOn)ን ንዘቐበሉና ጠቓሚ ሓበሬታን ኣብ ከይዲ ፅንዓት ንዝሃብኩና ርእይቶ፣ ክለሳ ሓበሬታን ኣቓርቦትን ኣበርክቶኹምን ክመስግኑ ይፈትዉ። ክህልዉ ዝኽእሉ ጌጋታት፣ ግጉይ ኣቀራርባን ዘይትኽክላትን ባዕልና ጥራሕ ሓላፍነት ከም ንወስደሎምን ርእይቶ ንምቕባል ድማ ድልዋት ኢና።

ንድፊን ኣቀራርፃ ሓበሬታ ብሴጅ ቼንግ

**መዘኻኸሪ ሓበሬታትና**

እዚ ናይ #ኪፐኢትኦን (#KeepItOn) ሪፖርት ብጥምረት ኣክሰስ ናውን(Access Now) #ኪፐኢትኦንን (#KeepItOn) ኣብ 2022 ዝተሰነዱ ዕፅዋ ኢንተርኔት ጠመተ ዝገበረ እዩ፡ ፡ ኩለመዳያዊ ዘጠቓለለ ናይ ባዕልና ሓበሬታ ንምህናፅ ኣብ እንገብሮ ፃዕሪ ዝተጠቐምናሎም ሓበሬታታት ኣብ ቴክኒካዊ መዐቀኒን ተዛማዲ ሓበሬታን፣ ፀብፃብ ዜና፣ ግላዊ ሓበሬታን ዝተመርኮሰ እዩ። ብዘለና ድሩት ሰነ-ኣገባብ ዘይተፀብፀቡ ዕፅዋ ኢንተርኔት ክህልዉ ከም ዝኽእሉን ድሕሪ ሕታምና ብዝርከቡ ሓደሽቲ ሓበሬታታት ድማ ቁፅሪታት ክለዋወጡ ይኽእሉ እዮም። ንተወሳኺ ንባብ https://accessnow.org/keepiton-data-methodology ምብፃሕ ትኽእሉ።

ለካቲት 2023

#KeepItOn

CC BY